ሰላም! ኣነ ናትካ ወኪል ኣየ። ክተሓባበረካ ኢየ።

ዘሎኻዮ ኩነታት ሕጂ ሕጂ የደናግረካ ወይ የፈራርሃካ ይኸውን ኢዩ። ዝተሓላለኸ ሕጊ መታን ክበርሃልካ ወይ ክገልጸልካ ኣሎኒ። ብዛዕባ ዝኾነ ዘሻቅለካ ወይ ዝርብሸካ ዘሰምብደካ ዝርብሸካ ነገራት ክንመያየጠሉ ኣሎና።

ምናልባት ብሕጊ ዝውክለካ ሰብ ከምዘይነበረካ እፈልጥ ኢየ። በዚ መሰረት እዚ ከአ እዞም ሲዕቦም ዝርከቡ ገለ ሓሳባት ኣለዉ።

- ሕቶታት እንተለዉኻ ሕተት። ከምዝደለኻዮ ብዙሕ ሕቶታት ንምሕታት ከይተሰከፍካ ክትሓትት ሓደራ። ከመይ እቲ ክገብሮ ዘሎኒ ጉዳይ ብዝበለጸ ክርድኣኒ ተረዲኡኒ ከአ ብዝበለጸ ክትተሓባበረካ እኽእል። እዚ ዝብለካ ዘሎኹ ከምዚ ክትገብር ኣሎካ ዝብለካ ዘሎኹ ምኽሪ፡ ከይተረደእካ ንከይትውስን ብመጀመርያ ብምልኡ ክርድኣካ ናይ ግድን ኢዩ። ብዛዕባ እዚ ዝሕበርኩኻ ዘሎኹ ወይ ንመጻኢ ግዜ ሓበረታ እንተደለኻ ብምሉኡ ከምብሕዲሽ ክብርሃልካ እኽእል ኢየ። ዘይተረድኣካ እንተኾነ እውን ብካልእ መንገዲ ክብርሃልካ ፍቃደኛ ስለዝኾንኩ ከምዚ ዝበልኩኻ ንምግባር ጽቡቕ ኢየ።

- ገለ መዘኻኸሪ ሓጺር ጽሑፍ ክትጽሕፍ እንተደለኻ ጽቡቕ ነገር ኢዩ። ዝኾነ ዝገለጽኩልካ ቅዳሕ ትደሊ እንተኾንካ ቅዳሕ ክገብረልካ እኽእል ኢየ።

- ቅድሚ ናባይ ምምጻእካ ክትሕቶ ትደልዮ ሕቶታት ምናልባት ብፍሑፍ ተቀሪብካ ክትመጽእ ዝበለጸ ክኸውን ይኽእል ኢዩ።

- ኣብ መንጎ ምናልባት ዕርፍቲ እንተደለኻ እውን ሓብረኒ ኢኻ። ምቹእ ኩነታት ክኾነልካ እንተደለኻ ወይ ካልእ ዝበለጸ መንገዲ ምቹእ ክኾነልካ ትደልዮ እንተሎ ክትሕብረኒ ሓደራ። ናይ ኣየር ጠባይ ኩነተታት ክልውጥ ኣይኽእልን ኢየ። ዝኾነ ግን እቲ ኩሉ ክገብሮ ዝኽእል ክተሓባብረካ ኢየ።

- ኣብ ቆጸራኻ ማሳኻ ክመጽእ ትደልይ ትደሊ ሰብ እንተሎ እውን ምሳኻ ክተመጽእ ትኽእል ኢኻ እሞ ኣይትሰከፍ። ግን ንብይንኻ ጥራሕ ክዛረበካ ኣንተኾይነ ግን ንበይንና ክንመያየጥ ኢና።

- ምናልባት ናይ ሆስፒታል ቆጸራ እንተሎካ ወይ ኣብ ልዕሊ ቆጸራና ካልእ ቆጸራ እንተሎካ ክትሕብረኒ ሓደራ ከመይ እቲ ምሳይ ዘሎካ ቆጸራ ንካልእ መዓልት ከመሓላልፎ እኽእል ኢየ።

- ተርጓማይ ተጠቂምና ዝዛረቦ ቋንቋ ዘይርድኣካ እንተኾነ ንኣይ ወይ ብካልእ ሰብ ኣቢልካ ክትነግረኒ ሓደራ እብለካ።

## ምሳኻ ክራኽብ ሕጉስ እየ። ክሕግዘካ ወይ ክተሓባብረካ ተስፋ እገብር።